**ቍጠባዊ ደገፍ**
ኣብያተ ምምሕዳር ማሕበራዊ ኣገልግሎት ማእከል፡
ሂሲንገን፡ ደቡባዊ ምዕራብን ሰሜናዊ ምብራቕን

Göteborgs Stad

# ሓበሬታ ብዛዕባ ቍጠባዊ ደገፍ

# ቍጠባዊ ደገፍ እንታይ እዩ?

ኵሉ ሰብ ሓደ ሓደ ግዜ ቍጠባዊ ጸገም ከጋጥሞ ይኽእል እዩ። ንስኻ ድማ ቍጠባዊ ጸገማትካ ንምምዕርራይ እቲ ብቐዳምነት ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ኢኻ። ቍጠባዊ ደገፍ ድማ ግዝያዊ ቍጠባዊ ጸገም ምስ ዝህሉወካ እቲ ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ኰይኑ ዘገልግለካ እዩ። እቲ ደገፍ ድማ ነቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ከም ንኣብነት መግቢ፡ ክዳውንትን መንበሪ ገዛን ክሽፍነልካ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ ብዘይዝኾነ ቍጠባዊ ሓገዝ ክትቅጽል ንምኽኣል እዩ።

## ንመን እዩ ቍጠባዊ ደገፍ ክወሃቦ ዝኽእል?

እኹል ቍጠባዊ ትሕዝቶ ወይ ዋኒን (ንኣብነት ቅሙጥ ገንዘብ) ምስ ዘይህሉወካ እሞ ድማ ነቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ነገራት ምሽፋን ኣብ ትስእነሉ ግዜ ቍጠባዊ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ናይ ቍጠባዊ ደገፍ መመልከቲ ምግባርን ምፍታንን ናይ ወትሩ መሰልካ እዩ። ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ብዝምልከት ምሉእ ዲኻ ክትድገፍ ወይ ገለ ክፋሉ ብዘየገድስ ናይ ጽሑፍ ውሳነ ክወሃበካ እዩ። ነቲ ውሳነ እግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለካ።
ዝገበርኩዎ መመልከቲ ተቐባልነት ምስ ዘይረክብ ኣብ ዝብል ክፋል ብዝያዳ ኣንብብ። እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንቍጠባዊ ደገፍ ብዝምልከት ውሳነ ምስ ዝህብ ናይቶም ጠለባት ኣድላይነት ብተናጸል ፈተነታት ክንገብር ኢና። ሕጊ ደገፍ፡ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት።
ምዕራፍ 4 ክፋል 1 ዓንቀጽ 1 እዝባር 2–6
ከምኡ'ውን ምዕራፍ 4 ክፍሊ 1 ዓንቀጽ 2 ሕጊ ደገፍ ማሕበራዊ ኣገልግሎት።

## ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ቍጠባዊ ደገፍ ክረክብ እኽእል?

ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ከምትረክብ ዝውስኖ ክንዲምንታይ ቍጠባ ኣለካ፡ ክንደይ ኣባላት ስድራ ኣለኹምን ኣየኖት ወጸኢታት ኣለዉኻን ዝብል ኵነታት ዝውስኖ እዩ።

## እዚ ቍጠባዊ ደገፍ ኣብ ኣየናይ መዓላ እዩ ዝውዕል?

መነባበሪ*

» መግቢ
» ክዳውንቲ፡ ጫማታት
» ጸወታ፡ ትርፊ ግዜ፡ ውሕስነት ቄልዓ
» ሃለኽቲ ኣቕሑ
» ጥዕና፡ ጽርየት
» ዕለታዊ ጋዜጣ፡ ተሌፎን

* ነዚ ወጻኢታት ዝኸውን መጠን ገንዘብ ካብቲ ሃገራዊ ደረጃ ዝውሰድ ኮይኑ፡ እዚ ደረጃ እዚ ብመንግስቲ ዓመት ዓመት ዝሕሰብን ዝውሰንን ኮይኑ፡ ኣብ መላእ ሽወደን ሓደ ዓይነት እዩ።

ናይዞም ዝስዕቡ ወጻኢታትካ

» መንበሪ ገዛ
» ኣቕሑ ገዛን ኢንተርነትን
» ውሕስነት ገዛ
» መገሻ ስራሕ
» ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ መድሃኒት፡ ሕክምና ስኒ
» ኣብ ማሕበራትን ኣብ ሸቕለት ኣልቦ ካሳን ዘሎ ናይ ኣባልነት ክፍሊት

ደረጃ ወጻኢታትካ ምኽንያታዊ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ማለት እቲ ገምጋም ኣብ ኩነታትካን ድሌታትካን ዝተመርኰሰ ክኸውን ኣለዎ። እንተኾነ ግን ንኣብነት ሓደ ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ሰብ ብንቡር እንታይ ዓይነት ዓቕሚ ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ።

ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት እውን ብዛዕባ ናይ ካልእ ወጻኢታት ዝምልከት ሓገዝ ምርካብ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

» ኣቕሑ ገዛ፡ ብጠቕላል ኣቕሑት፣ ቲቪ ወዘተ
» ገዛ ንምቕያር ዝግበር ወጻኢታት
» ናይ ህጻን ኣቕሑት
» መነጽር ዓይኒ

## ቍጠባዊ ትሕዝቶይ ነቲ ዝረኽቦ ቍጠባዊ ደገፍ ብኸመይ ይጸልዎ?

ክንደይ ዝኣክል ቍጠባዊ ደገፍ ይግበረልካ በቲ ዘለካ ቍጠባዊ ትሕዝቶን ዘለካ ንብረትን ዝውሰን እዩ። እዞም ዝስዕቡ እምበኣር ገለ ኣብነታት ናይቶም ንቑጠባዊ ደገፍካ ዝጸልዉ ቍጠባዊ ትሕዝቶን ንብረትን እዮም።

» ደሞዝ
» ብስዊሽ ዝኣትዉ/ብባንኪ ዝመሓላለፉ
» ጥሮታ/ ንኣረጋውያን መጦሪ ደገፍ
» ናይ ሕማም ሓገዝ
» ናይ ሕማምን ንጥፈታትን መከሓሓሲ
» ናይ ወላዲ ኣበል
» ክፍሊት ሸቕለት ኣልቦነትን ኣልፋካሳን
» ደገፍ ንጥፈት/ኣክቲቪተትስቶድ
» ሓገዝ ንመምሃሪ/ሲኤስኤን
» ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ህያብ
» ሓገዝ ወላዲ
» ሓፈሻዊ ሓገዝ ቈልዓ/መእለዪ ህጻንን ብብዝሒ ቈልዑ ዝልካዕ ተወሳኺ ሓገዝን
» ናይ ግብሪ ተመላሲ
» ንብረት ወይ ትሕዝቶ፡ ንኣብነት ኣብ ባንኪ ዘሎ ገንዘብ፡ ብርኪ፡ ምወላ፡ ዋንነት ማኪና፡ ክሽረፉ ዝኽእሉ ገንዘብ ወይ ድማ ካልኦት ክቡራት ትሕዝቶታት ኰይኖም ንኽትሸጦም ድማ ቀለልቲ ምስ ዝኾኑ።

## ቍጠባዊ ደገፍ ብኸመይ እየ ዘመልክት?

**ምስ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳያታ ናይቲ ትነብረሉ ከባቢ ክትራኸብ ምስ ትደሊ ብቝጽሪ 031-365 00 00** ናብ ክፍሊ መራኸቢታት ደውል። ንሳቶም ድማ ብመንገዶም ሕቶታት ንኸተልዕልን ንኽትምልስን ክሕግዙኻ እዮም። ብድሕሪኡ ነቲ ንዓኻ ዘድልየካ ሓበሬታን ዝምላእ ብላንከትን ክስደደልካ እዩ። ኣስተርጓሚ ምስ ዘድልየካ ንገር ኢኻ።

## ቍጠባዊ ደገፍ ንኽረክብ ከማለኦም ዝግበኣኒ እንታይ እዩ?

ሽቕለት ኣልቦ ምስ ትኸውን ናይ ግድን ኣብ ኣርበትስፎርመድሊንገን ዝተመዝገብካን ንጡፍ ደላዪ ስራሕን ክትከውን ኣለካ። ኣብ ናይ ኣርበትስፎርመድሊንግ ፕሮግራም ወይ ድማ እንተተዋሂቡካ ኣብ ናይ ኮምዩን ኣማጻእቲ ስራሕ ውን ክትሳተፍ ኣለካ።

ናይ ሕማም ዕረፍቲ ምስ ዝህሉወካ ግድነት ናይቲ ግዜ እቲ ናይ ሓኪም ወረቐት ከተቕርብ ኣለካ። ብተወሳኺ ኣብቲ እቲ ስርዓተ ክንክን ጥዕናን ኮምዩንን ዘውጥኑልካ ናይ ምሕዋይ ኩነታትን ስጉምትታትን ክትሳተፍ ኣለካ።

ምርዑዋት ሰብ ሓዳር ወይ ድማ ሳምቦ ምስ እትኾኑ ንሓድሕድኩም ክትተኣላለዩ ሓላፍነት ኣለኩም። ነታ ገዛ ናይ ምእላይ ናይ ሓባር ሓላፍነት ኣለኩም። ንቍጠባዊ ሓገዝ ድማ ብሓባር ከተመልክቱ ናይ ግድን እዩ።

## ነቲ መመልከቲ ዘድልዩኒ ሰነዳት ኣየኖት እዮም?

ንቝጠባዊ ደገፍ ዝምልከት መሰልካ እቲ ክፍሊ ሕጊ ንኽፍተሽ ክኽእል ብዛዕባ ቍጠባኻ ዝምልከት ቅኑዕ ሰነድ ኣቕርብ።

- መንበሪ ገዛን ኣባላትን
- ቍጠባታት
- ንብረት
- ወጻኢታት
- ስራሕን ትምህርትን

## ዝኾነ ለውጢ ምስ ዝህሉ ወይ ለውጢ ቍጠባ ምስ ዝህሉ ሓብር ኢኻ

ቍጠባዊ ደገፍ ኣብ ትረኽበሉ ዘለኻ ግዜ ቍጠባዊ ትሕዝቶኻ ምስ ዝቕየር ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጕዳይ ሓብር። ስራሕ ምስ ትረክብ፡ ሳምቦ ምስ ትገብር፡ ቈልዓኻ ቦታ ምስ ዝቕይር ወይ ትምህርቲ ምስ ዝጅምር እውን ሓብር ኢኻ።

## ናይ ግድን ድየ ገንዘብ ክመልስ ዘለኒ?

ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ገንዘብ ኣየለቅሕን እዩ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ዝምለስ ቍጠባዊ ሓገዝ ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ድማ ክትመልሶ ናይ ግድን እዩ። ካልእ ንኽትመልስ ትግደደሉ ኣጋጣሚታት ድማ ኣሎ። እንተ ደኣ ብጌጋ ዝያዳ ገንዘብ ወሲድካ ወይ ድማ ግጉያት ዝኾኑ ሰነዳት ምስ እተቕርብ ክትመልሶ ግዴታ እዩ። ኩነ ኢልካ ግጉይ ሰነድ ብምቕራብ ዘይገንዘብካ ምስትወስድ ብምትላል ገበን ኣጠርጢሩ ናብ ፖሊስ ከምርሓካ ይኽእል እዩ።

## ሰነዳተይ ክ ከመይ ክተሓዝ እዩ?

ብዛዕባ እቲ እትገብሮ መመልከቲ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ሰነዳትካ ክዕቅቦም ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓላፍነትን ግዴታን ኣለዎ። ብዛዕባኻ ዝምልከት ዝተጻሕፉ ክትነቦም መሰል ኣለካ። ካብቶም ዝሰፈሩ ጌጋ ኣለዎም ዝብል ሓሳብ ወይ ካልእ ተወሳኺ ሓሳብ ምስ ዝህሉወካ ድማ ናይ ምዕራይ መሰል ኣለካ። እቲ ሰነድ ድማ እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ ነቲ ናትካ ጕዳይ ምስ ኣቋረጾ ንሓምሽተ ዓመታት ይዕቀቦ።

እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምስጢር ክዕቅብ ግዴታ ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ ብዛዕባኻ ዝምልከት ሰነድ ንዘይምልከቶም ክህብ ኣይፍቀዶን እዩ። ምምሕዳር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብዛዕባ ውልቃዊ ሰነዳትካ ብዝኾነ ይኹን ዓይነት ጸብጻብ ኣይከውጾኦምን እዩ።

## ክፍሊት

ፑንዓኻ ገንዘብ ክንከፍለካ ምእንቲ ክንክእል እቲ ናይ ባንኪ ሕሳብካ ነቲ እቲ ኮምዩን ዝጥቀመሉ ናይ መኽፈሊ መስርሕ (ሱስ) ክፉት ክኸውን ኣለዎ። ኤለክትሮኒካዊ ካርዲ ኣለካ እንተኾይኑ ኣብ ናይ ስዌድባንክ መመዝገቢ ሕሳብ ኣቲኻ ባዕልኻ ክትምዝግቦ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ድማ ኣብቲ ንሕና ንህበካ ናይ ሱስ-ብላንከት ብምምላእ ነቲ ባንክኻ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ገንዘብ ድማ ኣብ መወዳእታ መዓልታት ናይታ ወርሒ ብቐጥታ ናብ ባንኪ ሕሳብካ ክኣቱ እዩ። እዚ ድማ ነቲ መመልከቲኻ ብጽፉፍን ኣብ ግዜኡን ምስትመልኦ ይኸውን ማለት እዩ።

## ነቲ መመልከቲኻ ወርሓዊ ከተቕርቦ ኣለካ - ከም ዳግመ ምምልካት

ነቲ ዳግመ ምምልካት ኣብ goteborg.se ብምእታው ብመንገዲ ሚና ሲዱር ወይ ድማ ብመንገዲ ወረቐት ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። እቲ ዳግመ ምምልካት ኣብ ግዜኡ ክግበር ኣገዳሲ እዩ።

### እዚ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ ካብተን ካልኦት ትካላት ዘምጽኦም ሰነዳት ኣየኖት እዮም?

ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክትሓትት ከለኻ ምቍጽጻር ንምግባር፡ ምስ ትካል ኣማጻእቲ ስራሕ፡ ፎርሼክሪንግስካሳን፡ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት፡ ትካል መኳዓዝያ ሽወደን፡ ትካል ጡረታ፡ ትካል ስደት - ኢሚግረሽን ሽወደን፡ ክሮኖፎግደን፡ ሲኤስኤን፡ ትምህርቲ ንኣባጽሕ/ኤስኤፍኢ፡ ከምኡ ድማ ስካተቨርከት ኣድላዪ እንተኾይኑ እቲ መመልከቲኻ ቶክ ንኽግበርን ክምርመርን ይከኣል ማለት እዩ።

## ዘመልከትኩዎ ዘይቕቡል ምስ ዝኸውን

ዝኾነ ገንዘብ ንዘይምርካብ እቲ መመልከቲኻ ናይ ምንጻግ ውሳነ ምስ ትረክብ ብጽሑፍ ክወሃበካ መሰል ኣለካ። ሓደ ውሳነ ኩሉ ግዜ ስለምንታይ ከም ዝተነጸግካ ዝሕብር መብርሂ ይህሉዎ እዩ።

በቲ ዝወሃበካ ውሳነ ምስ ዘይትዓግብ ድማ እቲ ክቐየረልካን ክረኣየልካን ትደልዮ ነገር ብምብራህን ብምግላጽን ነቲ ውሳነ ብጽሑፍ መንገዲ እግባይ ክትብለሉ ትኽእል ኢኻ። እንተ ደሊኻ እውን እቲ ሃንድለጋረኻ እግባይ ንኽትብል ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቲ እግባይ ናብ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ ኣብጽሓዮ። እቲ እግባይካ ሓድሽ ሓበሬታ ምስ ዝህሉዎ እቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ውሳነኡ ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ብተዘዋዋሪ መንገዲ ድማ እቲ እግባይካ ናብቲ ናይ ምምሕዳር ክፍሊ ሕጊ ይመሓላለፍ ማለት እዩ።

## ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንናይ ምርካብ ተኽእሎ ናይ ፈተነ ቕማረ ምግባር

ኣብ **www.goteborg.se** ናይቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንናይ ምርካብ ተኽእሎ ናይ ፈተነ ቕማረ መግበሪ ወይ መፈተኒ ኣሎ። እዚ ድማ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ኣለካ ድዩ የብልካን ዝብል ሓሳብ ክህበካ ዝኽእል ዝተቓለለ ቕማረ እዩ። ውሳነታት ማሕበራዊ ጕዳያት ካብ ፋይናንሳዊ ረቛሒታት ጥራይ ወጻኢ ብኻልእ ረቛሒታት ክጽሎ ይኽእል። ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል እንተኾንካ ንምፍላጥ፡ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዝርከቡ ናይታ ከተማ ማሕበራዊ ጕዳያት ክትራኸብ ኣለካ።

## ኣድላይነት ጣልቃ ምእታው

ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብቲ ናይ ምጥዋርካ መስርሕ ደገፍ ናይ ምሃብ ዕዮ ኣለዎ። ካብቲ ናይቲ ገንዘብ ሓገዝ ወጻኢ ካልእ ምትኣትታው የድሊ። እዚ ድማ ስራሕ ንምርካብ ዝግበር ደገፍ፡ ናይ ፕራክቲክ ቦታ ንምርካብ፡ ትምህርትኻ ንምጥንቃቕ ወይ ድማ ክፋል ናይ ዳግመ መሕወዪ ንምርካብ ማለት ድማ ክኸውን ይኽእል እዩ እቲ ሓገዝ።

እዚ ድማ መሰል ቀጥታዊ ደገፍ ንምርካብ ዝኣክል ኣብ ገለኡ ንጥፈታት ክትሳተፍ ኣለካ ዝብል ግዴታ ከልዕል ይኽእል እዩ።

# ተወሳኺ ሓበሬታ

**031-365 00 00** ብምድዋል ነቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢኻ ዘሎ ክፍሊ ማሕበራዊ ጒዳያት ኣዘራርቦ። ወይ ድማ ነቲ መርበብ ሓበሬታ **www.goteborg.se** ፈትሾ።

ኣብ goteborg.se ናብ ገጻትካ (**Mina sidor**) ምስ ኣተኻ ኣብ ከተማ ዮቶቦሪ ዘለካ ጒዳያትን ኣገልግሎታትን ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

Göteborgs Stad 220209-001-010 2022